ዳንኤል ሓይለ-ሚካኤልን ካልኦት ምስ ኒክ ኮንስታንቲኒዲስን ካልኦት
Daniel Haile-Michael & Ors v Nick Konstantinidis & Ors
VID 969 of 2010

## ብፕሮፈሰር ጎርዶን/ GORDON ከምኡውን ብዶ/ር ሐንስትሪድጀ/ HENSTRIDGE ኣብናይ መጀመርታ ሪፖርቲታት ሓጺር መግለጺ

ኣብ መጋቢት/ March 2012 ዓ.ም መጽናዕቲ ክኻየድ ዝተውሃበ ትእዛዝ ብምኽታል፤ ሸሞንተ ተኸሰስቲ ብዙሕ ፋይሊታት ከምዘዳለዩን፤ እዚ'ውን ኣብ ፍለሚንግቶን ወይካዓ ኖርዝ መልበርን ውሽጢ ንዝነብሩ ኣወዳትን ኣሞንጎ ዕለት ı ወርሒ ጥሪ/January 1987 ዓ.ም ክሳብ ዕለት ı ወርሒ ጥሪ/January 1993 ዓ.ም ንዝተወለዱ እሞ ካብ 2005 ክሳብ 2008 ዓ.ም ብዘሎ ግዘ ምስ ናይ ቪክቶሪያ ፖሊስ መኲንን ተጽእኖ ጽገም ዘጋጠሞም ከምቲ ናይ ቪክቶሪያ ፖሊስ ለውጢ ፍተሻ/ LEAP መረዳእታ ፋይሊታት ውሽጢ ንዘሎ ስታትስቲካል መጽናዕቲ ሓበሬታ ዘካተተ እዩ። ፕሮፈሶር ጎርዶን/Gordon ነዚ ይ መጽናዕቲ ብምክያድ ኣብዚ ዝስዕብ መረዳእታ ከምዝረኸበ እዩ:

(a) ናይ ኣፍሪካ ዓሌት ኣወዳት ብናይ ለውጢ ፍተሻ/ LEAP መረዳእታ "ረኽቢ ዓውዲ/field contact" ዝተረኽበ ካብ ሚእቲ ኢድ (43%) ኸምዝኾነ፤ እዚ'ውን ከምቲ ናይ 2006 ዓ.ም ቆፀራ ሕዝቢ ዘሎ ጭብጢ (18%) መሰረት ኣብ ፍለሚንግቶንን ኖርዝ መልበርን ዝነብሩ ተመሳሳሊ ዝኾኑ ኣወዳት ውሽጢ ናይ ኣፍሪካ ዘርዒ ሐረግ 2.4 ግዘ ከምዝበልጽ እዩ።

ብኻልእ ኣገላልጻ፤ ብፍላይ ኣወዳት ናይ ኣፍሪካ ዓሌት ዘለዎም ብግምት ካብ ክልተን ፈረቃ ግዘ ብዝበለጸ ምስ ፖሊስ ግርጭት ብምፍጣር ብፖሊስ ምዝገባ ከምዝተኻየደ እምበር ናቶም ሕዝቢ ከምቲ ዝገለጹዎ ሓበሬታ ኣይኾነን።

እዚ ይ ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ ጠቓሚ መረዳእታ እምበር ከም ፕሮፈሶር ጎርዶን ኣገላልጻ ብሓንደበት ዝተመረጸ ኣይኾነን። ዶ/ር ጆን ሀንስትሪድጀ ስታቲስሺያን ብናይ ሻሙናይን ተሸዓይ ተከሰስቲ ዝቐረበ ሓበሬታ ከምዘሎ ኾይኑ ኣብዚ ታሕቲ ብዘሎ ናይ መጽናዕቲ ውጽኢት ይስማማዕ እዩ።

(b) ብፍላይ ንኣወዳት ናይ ኣፍሪካ ዓሌት ብኣማኻኝ ጥፍኣት ወንጀል ናይ ኣወዳት (7.8 ዝኸውን ገበን) ምስናይ ካልእ ዓሌት ክነጻጸር እንከሎ (12.3 ዝኸውን ገበን) ከምዝኾነ እሞ ብፍላይ ምስ ኣወዳት ክነጻጸር እንከሎ ውሑድ ወንጀል ፍጻመ ከምዝኾነ እዩ። እዚ ናይ መጽናዕቲ ውጽኢት ብስታቲስካል ኣገላልጻ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ፕሮፈሶር ጎርዶን ብመጽናዕቲ ኣረጋጊጽዎ እዩ።

ብካልእ ኣገላልጻ፤ ብቪክቶሪያ ፖሊስ ለውጢ ፍተሻ/ LEAP መረዳእታ መሰረት፤ ብናትካ ከባቢ ዘለዉ ካብ ካልእ ሃገር ዝመጹ ዓሌታት ምስ ኣወዳት ክነጻጸር እንከሎ ብፍላይ ኣወዳት ኣማኻን ትሑት ናይ ወንጀል ፍጻመ ክሲ ከምዝቀረበ እዩ።

ብናይ ፕሮፈሶር ጎርዶን ጽንዓታዊ ውጽኢት፤ ዶ/ር ሐንስትሪድጀ ተስማሚዑ እዩ (እንተኾነ'ውን ብናይ ስታቲስካል ኣገላልጻለጽ ኣገዳስነት ብዘሎ ኣፈላላዩ ሓቲቱ)።

(c) ካብ ናይ ኣፍሪካዊ ዓሌት ብወንጀል ዝተኸሰሰ ምስናይ ዘይኣፍሪካዊ ክነጻጸር እንከሎ ብፍላይ ኣወዳት ብወንጀል ዝተኸሰሱ ኣፍሪካዊ ዘይኾነ ዓሌት 8.5 ግዘ ዝበለጸ ኣብ "ረኽቢ ዓውዲ/field contact" ከምዘይተረኸቡ እዩ፤ ስለዚ ይ ከም ፕሮፈሶር ጎርዶን ኣባሓላ ኣየኑ ጽኑዕ ስታቲስካል መዕቐኒ ጠቐሜታ ከምዘለዎ እዩ። ብናይ ፕሮፈሶር ጎርዶን መጽናዕቲ ውጽኢት ካልኣይ ዶ/ር ሐንስትሪድጀ ተስማሚዑሉ እዩ። ፕሮፈሶር ኣንድረው ጎልድስሚዝ/Andrew Goldsmith፣ ናይ መርማሪ ገበን ሞያተኛ፤ ብናይ ተኸሳሲ ሻሙናይን ተሻዓይ ዝተውሃበ መረዳእታ ከምዘሎ ኾይኑ እሞ ናይዚ ስታቲስቲካል ኣገላልጻ ከም ቀዳማይ ግንዛበ ኾይኑ "ገጽ ንገጽ ኣጋጢምካ" ምፍታሽ ይኸውን።

(d) ንዝተወሰኑ ኣወዳት ኣብ "ረኽቢ ዓውዲ/field contact" ተረኺቦም እንተኔሩ ብናይ ፕሮፈሶር ጎርዶን/ Gordon ጽንዓት ውጽኢት መሰረት ብዝተፈላለየ ኩነታ ምስ ኣፍሪካዊ ዓሌት ዚተዛመደ ፖሊስ ብዝጥቐመሉ ቃላት ዘረባ (እዚ'ውን፡ "ዓዋሉ ጉጅለ/gang", "ዘይምክንያታዊ/no reason", "ዜሮ ምክንያት/nil reason", "ኺድ/move on"፣ "ኣሉታዊ ባህሪ/negative attitude") ከምኡ'ውን ካብዝተፈላለየ ኵነታት ብዘሎ ፖሊስ ነዞም ናይ ኣዘራርባ ቃላት ምስ ካልእ ዓሌታት ክጥቐመሉ እንከሎ ኣሞንጎ'ዚ ኣብ ማዕኸሎም ዓቢ ናይ ስታቲስቲካል ኣፈላላዩ ከምዘሎ እዩ። ካብ ምእቲ ኢድ ናይ "ረኽቢ ዓውዲ/field contact" መዝገብ ከምዘርእዮ፤ ኣብ እዋን ረኽቢ ዓውዲ ነዞም ኣዘራርባ ቃላት ምስ ዝተወሰኑ ኣወዳት ኣፍሪካዊያን ዓሌት ዝተዛመደ 16% ከምዝኾነ፤ እዚ'ውን ምስ ካልኦት ዓሌታት ክነጻጸር እንከሎ ናይ ካልእ ዓሌት ኣወዳት 10% እዩ።

ብካልእ ኣበሓላ፤ ምስ ካልኦት ዓሌታት ክነጻጸር እንከሎ ፖሊስ ምስ ዝተወሰኑ ኣወዳት ኣፍሪካዊ ዓሌት ዘረባ ክገብር እንከሎ ነዞም ቃላት ብዝበለጸ ይጥቐም ከምዝኽእል ብስታቲካል ዝተደገፈ እዩ።

ኣብ ስታቲስካል ኣገላልጻ ኣገዳስነት ኣፈላላይ ዚምልከት ዶ/ር ሐንስትሪድጀ ሕቶታት ኣቕሪቡ እዩ፤ ዘይመሳሰል ፍልልይ ከምዘሎ ተስማሚዑ እዩ።